# ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕርን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ምውህሃዳዊ ዕዩ ንምብራኽ ተሰማምዮም፦

*ተጋደላይ ኢብራሂም ሃሩን ኣቦመንበር ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ ዝመርሐ ልኡኽን፡ ተጋደላይ ኣሕመድ መሓመድ ናስር ኣቦመንበር ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዝመርሖ ልእኽን፡ ዝምድና ምውህሃድ ክልቴኡ ውድባትና ዝግምግም ኣኼባ ኣካይዶም። ዝምድና ምውህሃድ ኣብ ተቃለስቲ ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ኣብ ኣባላት ክልቴኡ ውድባት ብፍላይ፡ ናይ ቃልሲ ንያት ክብ ከም ዘበለን፡ ገድላዊ ክልቴኣዊ ምውህሃድ ዝምድና ናብ ዝሓሸ ደረጃ ንምግጋር ጥጡሕ ባይታ ከም ዝፈጠረን ገምጊሞም።*



*ተጋደላይ ኣሕመድ መሓመድ ናስር ኣቦመንበር ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤን፡ ተጋደላይ ኢብራሂም ሃሩን ኣቦመንበር ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕርን ስምምዕ ምውህሃድ ክፍሪሙ እንከሎዉ*

*ዝተመዝገቡ ኣወንታዊ መኸሰባት ንምዕቃብን፡ ምውህሃድ ኣብ ክሊ ወተሃደራዊ ዓውዲ ኣብ ኪንዲ ዝሕጸር፡ ንኩሉ ገድላዊ ውድባዊ መዳያት ዘተቓልል ዝስዕብ ስምምዓት ፈሪሞም፦*

1. ክልቴኣዊ ዝምድና ናብ ቅኑዕ መንገዲ ንምምራሽን፡ ህዝባዊ ሰረቱ ንምምዕባልን፡ጥሙሓትን ዕላማታትን ክልቴኡ ውድባትና ዝገልጽ ምውህሃድ ኣብ ህዝባዊ፣ ዜናዊ፣ ዲፕሎማስያውን ቁጠባውን መዳያት ምግባር።
2. ኣብ ወተሃደራዊ መዳይ፡ በቲ ሸሞንተ ውድባት ኣባል ኪዳን ብዕለት 4 ግንቦት 2010 ዝፈረምኦ ወተሃደራዊ ስምምዕ ብምምእዛዝ፡ ወተሃደራዊ ዝምድና ንምምዕባል ምዕያይ
3. ኣብ ሞንጎ ክልቴኡ ውድባትና ኣብ ኩሉ መዳያት ሕድሕድ ምትሕግግዝ ምክያድ።
4. ጉዕዞ ዕዮ ምውህሃድ ንምግምጋም፡ ክልቴኡ መርሕነታት ብስሩዕ ወርሓዊ ኣኼባ ምክያድ። ታሕተዎት ሸማግለታት ምውህሃድ ድማ ብስሩዕ ወርሓዊ ኣኼባ ምክያድ።

ክልቴኡ ውድባትና ካብ 2009 ብተናጽልን ብሓባርን ኣብ ልዕሊ ጨካናት መሓውራት ስለያ ስርዓት ህግደፍ ዘቕነዑ ምሩጻት ወተሃደራዊ ጅግንነታዊ ስርሒታት ከም ዘካየዱን፡ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ከቢድ ክሳራን ስንብራትን ከም ዘስዓብሉ ዝዝከር'ዩ።

ሓባራዊ ዜናዊ ሸማግለ
16 ግንቦት 2010